## ሰሚናር ኣብ ከተማታት ሸፊልድን ማንቸስተርን ብ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ “ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተን እቲ ምስጢርን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብዕለት 15ን 22ን ታሕሳስ 2007 ተኻይዱ፡

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ መቐጸልታ ናይቲ ዘየቛርጽ ቀጻሊ መቓልሕ መኸተና ኣብ ከተማታት ሸፊልድ ብ ዕለት 15 ትሕሳስ 2007 ማንቸስተርን ከባቢኣን ብ ዕለት 22 ታሕሳስ 2007 ዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር መኸተ ብልዑል ኒሕን ፍናንን ብድርብ ዓወት ዝተሰላሰለ እዩ ኔሩ።

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣብቲ ዘቕረቦ ሰሚናር እዋናዊ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ኣብ ልምዓት ትሓፍሶ ዘላ ዓወትን ኣብ ዞባና ሰላም ንምንጋስ ትጻወቶ ዘላ ተራን ድሕሪ ምግላጽ ንምዕባለታት ጉዳይ ዶብ ብዝምልከትን ፖሊሲታት ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካን ድማ ካብ ዝጅምር ክሳብ ሕጂ ብዝርዝር ጭብጥታት ዝተሰነየ ኣዕጋቢ መብርሂን መረዳእታን ንህዝቢ ኣቕሪቡ፡

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ካብዚ ቐጺሉ ወያነን ኣሻደንቱን ዘካይድዎ ዝነበሩን ዘለውን ተንኮላትን ውዲታትን ኣብ ርእሲ ምብርሁ ኣብዚ ሕሞት'ዚ ወራር ንምጅማር ዝገብሮ ዘሎ ምሽብሻብ ከም ኩሎም ዝሓለፉን ዝፈሸሉን መኸተና መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ክምከን ከምዝኾነን ንዕምሪ ወያነ ዘሕጽር ምዃኑን ኣስሚሩሉ፡

ቀጺሉ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ተምበርኪኹ ከምዘይፈልጥን ብጽንዓትን ትብዓትን ወትሩ ዓወት ዝሓፍስ ከምዝኾነን ንዘጋጥምዎ ብድሆታት ከይተሓለለ ዝምክት ጭዋ ህዝቢ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ ኣብ ማንቸስተርን ሸፊልድን ከባቢኡን ንዝቕመጡ ኤርትራውያን ከም ኣካል ህዝቢ ኤርትራ መጠን ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ብምዃን ንውዲታት ወያነን መሻርኽቶምን ንምፍሻል ከይተሓለሉ ክጽዕቱ ኣዘኻኺሩ፡
ኣብ መጨረሽታ መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ሓያል መኸተ ኣብ ኤርትራን ዞባናን ናይ ሓዋሩ ሰላም ከም ዝረጋገጽን ስውኣትና ዘሰከሙና ሕድሪ ኣብ ግብሪ ከምዝትርጎምን ድሕሪ ምብራህ ብተሳተፍቲ ህዝቢ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብሰፊሕን ዓዕጋብን መልሲ ሂቡ፡

ኣብ ልዕሊ'ዚ ተሳተፍቲ ንዘቕረብዎ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ኩሉ መዳይ ብድሆታት ሃገሮም ንኽሳተፉ ቁሩባት ከምዝኾኑ ቃል ድሕሪ ምእታው ሽማግለ መኸተ ኣብ ክልቲኡ ከተማታት ካብ ተሳተፍቲ ህዝቢ መሪጸም ሽማግለ መኸተ ሸፊልድን ማንቸስተርን ድማ ብልዑል ኒሕን ፍናንን <u>“ቅድም ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብቐጻሊ መኸተ”</u> ብምጭራሕ ብድርብ ዓወት ተዛዚሙ፡
ንኣምብሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣሰንዮሞ ዝተረኽቡ ሓለፍቲ <u>ወ/ሮ ሓረጉ ተስፋማርያም</u> ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት <u>ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ</u> ሓላፊ ቆንሱላዊ ጉዳየት <u>ኣቶ ሚኪኤል ተስፋይ</u> ሓላፊ ምምሕዳር ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ከማኡውን ሓለፍቲ ሽማግለ መኸተ ሎንዶን፡
ዓወት ንሓፋሽ!
ዕለት 23/12/2007
ሎንዶን , ሕቡራት ንግስነት

ንምሉእ ትሕዝቶ <u>መደረ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ</u> ኣብ ትሕቲ <u>ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተን እቲ ምስጢርን</u> ተመልከት፡